# ርሑስ ሓዲሽ ዓመት

ኣረጊት ክወጽእ - ሓዲሽ እንክኣቱ
ገለ ኣብ ስደት - ገለ ኣብ ምድሪቤቱ
ገምጋም ክገብር - ኣብ ሕሉፍ ሕይወቱ
ህሉው እንታይ ይብል - ንድሕሪት ጠሚቱ?

በረካዶ ኔሩ - በዱ ዝሓለፈ?
ወይስ ለምለም - ሳዕሪ እተነጸፈ?
ዕንባባ ዶ ኔሩ - ንህቢ ዝሃረፈ?
ወይስ ተዋጋኢ - እሾኽ ዝዓንደፈ?

ሃሩር ዶ ኔሩ - ቁሪ ዝቐዘፈ?
ወይስ ህዱእ ንፋስ - ዘቅሰነ ዘዕረፈ?
ማእከላይ ዶ ኔሩ - መርከብ ዘንሳፈፈ?
ውይስ ህቦቡላ - ሕይወት ዝቀዘፈ?
ዘይልለ ዶ ኔሩ - ኲሉ ዝሓቖፈ?
ወይ?
ራህዋ ዶ ኔሩ - ጸጋን ክብረትን?
ዋላስ መካራ - ጽምእን ጥሜትን?
ሓደ ክስዕሳዕ - ብድርፍን ህርመትን
ገለ ዶ ሓዚኑ - ብሞትን ቅዝፈትን?

ብከመይ ይግምገም - ዝበለ ብትንትን?
ኢሉ ክሓስብ ! ክግረም! ከስተንትን!
ንግዜ ከፋኑ - ብፍርሕን ድፍረትን

መን ኣሎ ካባና - ኣልዒሉ ዘይፍትን?

ጊዜ ግን ሓሳብ ኢዩ - ዘይውንን ነብሲ
ሓንሳብ ምስ ሓለፈ - የብሉን መላሲ
ጥዕና ዝሃቦ - ንተንቀሳቃሲ
ክሳብ ዘይደቀሰ - ዘይኣፍቀረ ማእሲ
ናይ ሕይወት ሚስጢር - ዋና ኣገዳሲ
ግዜ ተስፋ ኢዩ - ተስፋ'ዩ ወራሲ

**መረጸ ኣስመላሽ**

12 -31- 2016